ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን التحالف الديمقراطي الأرتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

# ደምዳሚ መግለጺ
# ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት

ኣብ ኤርትራዊ ዓውደ ፖለቲካ ኣገደስቲ ምዕባለታት ኣብ ዝተኸሰተሉን፡ ብሰንኪ ጨቋኒ ፖሊሲን ተግባርን ገዛኢ ስርዓት ኣብ ፖለቲካውን ጸጥታውን መነባብሮኣ'ውን ኩነታት፡ ስቅያት ህዝቢና ኣብ ዝዛይደሉን ዘሎ ወቅቲ፡ ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ 26-28 ሓምለን 17-18 ነሓሰን 2010 ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣሰላሰሉ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ዓውደ ተቓውሞ ኤርትራ ብሓባራዊ ቃልሲ ዕላማኡ ንምርግጋጽ መታን ክኸእል ኣብ ጉዕዙ ተጋድሎኡ መሳርዑ ንምጥርናፍን ራእዩ ንምስማርን፡ ፖለቲካውን ሲቪላውን ሃይማኖታውን ኩሎም ክፍልታት ህዝብና ዝተሳተፍዎ ሃገራዊ ዋዕላ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ክግብር ብምኽኣሉ ኣገዳሲ ፍጻሚ ኣመዝግቡ።

ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ማእከላይ መሪሕነት፡ ምርግጋእን መጻኢ ዕድልን ኤርትራ ዝህድድ ዘሎ ሓደጋታት ምንቁልቛል ብምስትውዓል፡ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምቅልጣፍ በድማዕነት ምዕያይን ጻዕሪታት ምጽዓቕን ኣረጋግጹ። ከምኡ'ውን ኣብ ፖለቲካውን ምሕደራውን ህዝባውን ዜናውን መዳያት ዘጠቓለለ ጸብጻብ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዕቱብ ምይይጥ ብምክያድ፡ ንዝተመዝገቡ መኸሰባት ምዕቃብን፡ ዝተኸሰቱ ውሽጣዊ ጸገማት ንምእላይን፡ ኣድላዪ ምይይጣት ገይሩ። ብመሰረት ጸብጻብ ጠቕላላ ተቆጻጻሪ፡ ኣብ ምንቅስቓስ ኣታውን ወጻኢን ገንዘብ ኤዲኪ ዝተኸሰተ ጉድለታት ብዘይምህላዉ፡ ነቲ ገንዘባዊ ኣካይዳ ንእዱ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ሃገራዊ ዋዕላ ሓደ ካብቶም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝፈጸሞም ኣገዳሲ መደብ ከም ምዃኖም መጠን፡ ማእከላይ መሪሕነት ካብ ምስንዳኡ ጀምርካ ክሳብ ምፍጻሙ  ብዘይ ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓላፍነት ክከታተሉ ክግምጊሞን ጸንሑ'ዩ። ምስ'ቲ ኩሉ ከምዚ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ንጥፈታት ክካየዱ እንከሎዉ ዝኸሰቱ ጽንኩርነትን ጸገማትን፡ ማእከላይ መሪሕነት ሃገራዊ ዋዕላ ንምዕዋት ብኣወንታ ተዋስኡ'ዩ። ማእከላይ መሪሕነት ንኣሰናዳኢት ሽማግለን ዕዮታት ሃገራዊ ዋዕላ ዘመሓደረት ሰክርታርያን ንእዱ። ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ጉዕዞ ተጋድሎ ብትሕዝቶን ዓቐንን ኣገዳስን ሓድሽን መፈለምታ ናብ ቅኑዕ መንገዲ ዲሞክራስያዊ ለውጥን ተሞኩሮ ከም ምዃኑ መጠን፡ ሕጽረታት'ኳ እንተነበርዎ፡ ዕዉት ምንባሩን ናብ ለውጢ ብዝድርኹ ካልኦት ስጉምቲታት ምዕዛዝ ከም ዘድልን ኣረጋግጹ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንዝቖመት ኣብ ህዝቢ ፖለቲካዊ ጎስጓስ ምክያድን ንኩሉ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካውን ሲቪላውን ሓልታቱን ኣብ ጎኒ ተቓውሞ ንምስላፍን፡ ዲሞክራስን ምርግጋኣን ሰላምን ግዝኣተ ሕግን ፍትሕን ዝሰፈና ኤርትራ ንምህናጽ ጥዑይ ባይታ ዘንጽፍ ኣካቢ ሃገራዊ ጉባኤ ምክያድን፡ ንረብሓ ፍትሓዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢና ናይ መንግስታትን ሰልፍታትን ኣህጉራዊ ደገፍ ንምርካብ ዕማም ዝተሸከመት ሃገራዊት ኮምሽን ኤርትራ ደገፉ ይገልጽ።

ሃገራዊ ዋዕላ ንምዕዋት ዓቢ ኣቃልቦን ግዜን ስለ ዝወሰደ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብዚ ወርሒ ነሓሰ 2010 ጉባኤ ከካይድ ኣይከኣለን። ስለዝኾነ ማእከላይ መሪሕነት ቅዋም መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ጉባኤ ምክያድ ወሲኑ። ከምኡ'ውን መሪሕነታዊ ኣካላት ከምቲ ዝጸነሕዎ ክመርሑ ዳግም እምነት ኣንብርሎም።

*ማእከላይ መርሕነት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ህዝብን ዝርከብ ህዝቢና ጸረ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ጎኒ ሓይልታት ዲሞክራስያዊ ለውጢ ክስለፍን፡ ተቓውሞኡ ብኩሉ ኣገባባት ቃልሲ ክብ ከብልን፡ ዕዮ ታቃውሞ ንምሕያል መሳርዑ ክጥርንፍን ጸዊዑ። ኩሎም ፖለቲካው ሲቪላውን ሃገራዊ ሓይልታት ነቲ ዓቢ ቅሩብነት ዝጠልብ ዕማማ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ክበቕዑ መታን፡ ኣሰራርሓኦም ንምምዕባልን ሽግራቶም ንምስጋርን ጸዊዑ። ንመንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣቀባብላን መነባብሮን ንምምሕያሽ ብዝወሰድዎ ዘሎዉ ሃናጺ ስጉምቲትን ንዲሞክራስያዊ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብና ብምድጋፍን፡ ንዋዕላ ምዕዋት ዝድሊ ሎጅስታካውን መሳልጥያታትን ብምቕራብን ዝለዓለ ሞጎሱ ይገልጽ።*

**ዓወት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ!!**
**ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!!**

**ማእከላይ መሪሕነት**
**ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን (ኤ.ዲ.ኪ)**
20 ነሓሰ 2010